# መስከረም 18

ጊዜን ከልብን - ከይጽዋዓኻዮም ይምጽኡ
ዓመታት ሓሊፉ - ህዝብና ተረጊጹ
ጀጋኑ ተቐቢሮም - ካብ ጎዳጉድ ከይወጽኡ
ሸፋቱ ጉሒላታት - ተጠሊዖም የላግጹ
ብጥቕሚ ዝተገዝኡ - ንሓሶት ዘድምጹ
ኣብ ሃገር ኣብ ወጻኢ - ትርፍራፍ ዘልምጹ
ኣለውና ዕሱባት - ብደም ንጹሃት ዝጋየጹ
ንፍትሒ ነጺጎም -ንኣረማዊነት ዝመረጹ።

በሊ ኣስኪ ኣቲ መሬት - ኣይትዘንጊዕዮም
መርድእ ንቐበርቲ - ቀልጢፍኪ ሓብርዮም
ኩነታት ከም ዝቕየር - ኣናብስ ተላዒሎም
ሕማምና ክፍወስ - ጠለምቲ ተቦንቁሮም
ህዝብና ዘሳቐዩ - ብጅምላ ጠሚሮም
ብውሽጢ ምስ ነትዐ - ዝሓበጠ መግሎም
ንጥዕና ሃገር - ብወሓላሉ ተሓጉሞም
ከዳዓት ሓሰውቲ - ካብ ርእሲ ክሳብ እግሮም
ህዝቢ ዝፈንፈኖም - ክጸርዩልና ተኻሒፎም
ኢደይ ኢደይ ይኹን - ክጠፍእ ኣሰሮም።

መሬት ኤርትራ - ንደቕኺ ክትምስክሪ
ድሕሪ ናጽነት ብዝመጸ - ኣረመናዊ ግብሪ
ብስልጣን ዝዓበዱ - ብዝጠለሙ ሕድሪ
መዝግብዮ ንታሪኽ - ንጽባሕ ነባሪ
ክንደይ ከምትጨውዩ - ብጸልማት ብቐትሪ
ክንደይ ሃዲሞም - ንስደት ስግር ባሕሪ
ክንደይ ለሚሶም - ብስላዕ ብበትሪ
ክንደይ ተፈሪዶም - ንባርነት ወፍሪ
ንክንደይ ብህወቶም - ሰቲርኪ ትሕቲ ምድሪ
ክንደይ ተረሺኖም ዝተደርበዩ - ብዘይ ንቡር ቀብሪ
ሃገረይ ቅድሚ ምጽናትኪ - ብግፍዐኛ ኣመሓዳሪ
ኣክቢ ኣናብስ ደቕኺ - ምስ ሓራሳት ነብሪ
ንገፋዒ ጨቋኒ - ከሕጽሩሉ ዕምሪ።

መስከረም 18 - ሎሚ ኸአ መጺእኺ
ሓዘና ክድገስ - ዘኪርና ንዓኺ
ፍትሒ ሕጊስ - ተጨውዩ ቅድሜኺ ድሕሬኺ
ግና እንተኾነ - ካብ ኩለን ዓብሊልኪ
ወርቂ እንቋቑሖ ናጽነት - ዘፍረያ ኣብ ሊዕኺ
ንመሰል ህዝቦም ዝነቀዩ - ኣራሒት ኣጥፊእኺ
ስሱዕ ምስ ሰዓብቱ - ተሪፎም ብጉርሒ
ጥልመት ተጎልቢቦም - ንህዝቢ ዘሳቒ
ፍልጠቶም ተራቢሑ - ተደማሚሩ ጸይቂ
ንሃገር ረሚሶማ - ኣውዲቖማ ብሓቂ።

መስከረም 18 - ካብቲ ማእኸል ዓውዲ
ሃሮምሮማይ ዘይኮነ - ቅኑዕ ወዲ ዓዲ
ንጸልማት ዝገፍፍ - ብሕጊ ብቓይዲ
ንሃገር ድሕነት - ብሰላም ዘናዲ
ነዊሕ ዝተጠንሰ - ኣይጸበ ኣብ ከብዲ
መስከረም 18 - መተካእታኺ ውለዲ
ብሓባር ዝተክል - ናይ ፍቕሪ መኣዲ።

ዘለኣለማኢ ክብርን መጎስን ንጀጋኑ ስውኣትና፥
ራህዋን ቅሳነትን ንህዝቢ ኤርትራ፥

ሰለሞን ብርሃነ ሡንጋል
“ሕልና” - መስከረም 2005